ቢሮ ኮንስትራክሽን ፣መንገድን ትራንስፖርትን ክልል ትግራይ ዝረከብ ዳይሬክቶራት ህንፃ ዲዛይንንን ኮንስትራክሽንን ኣብ ናይ 2011ዓ/ም በጀት ዓመት ኣብ ከተማ ዓድዋን ዓብይ ዓዲን ፕሮጀክት ህንፃ ኣደዳይ ማይክሮ ፋይናንስ ንምስራሕ ብ BC6 GC7 ልዕሊኡን ብርኪ ፍቃድ ስራሕ ተኮናተርቲ ኣጫረቱ ከስርሕ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ መጋቢት 9, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 10, 2011 9:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:150000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 10, 2011 9:30 ደ/ሰዓት
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

1 ናይ 2011 ዓ/ም ዝተሐደሰ ናይ ስራሕ ተኮናተርቲ ዝተውሃበ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ ፣ምዝገባ ንግዲ፣ ናይ መለለይ ቁፅሪ ምዝገባ መረዳእታ፣ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ወረቀት ምስክር መቅረባይነት ፣ ተወሳኬ እሴት ታክስ ምዝገባ ምስክር ወረቀት ናይዚ ዓመት ግብሪ ዝኸፈለን : ናይ ዝሓለፈ ወርሒ 2011ዓ/ም ናይ ቫት ድክለሬሽን ዝገበርሉ መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእሉ፣

2 ተጫረቲ መኽበሪ ውሕስና ጨረታ ብቤሄራዊ ባንኪ ኢትዮጵያ ካብ ዝተፈቀደሉም ዝተፈለጡ ባንክታት ዝወሃብ አብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ውሕስና ቼክ ወይ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ 150000.00 ሽሕ ቅርሺ ከትሕዙ ኣለዎም።

3 ተጫረቲ ናይቲ ዝጫረትሉ ፕሮጀክት ስራሕቲ ሳይት ካብ ዝተረከብሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 730 መዓልታት ሙሉእ ብሙሉእ ዛዚሞም ከረክቡ ኣለዎም።

4 ኩሎም ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ካብ 10/07/2011ዓ/ም ጀሚሩ ካብ ቢሮ ኮንስትራክሽን ፣ መንገድን ትራንስፖርትን ክልል ትግራይ ዝረከብ ዳይሬክቶራት መንገድን ምዕባለን ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 191 ንነብሲ ወከፍ ፕሮጀክት ዘይምለስ 300.00 ቅርሺ ብምኽፋል ክገዝኡ ይኽእሉ እዮም።

5 ተጫረቲ ናይ ዝጫረትሉ ፕሮጀክት ቴክኒካልን ፋይናንሻልን ነንበይኑ ሓደ ዋና ክልተ ቅዳሕ ሰነዳት ጨረታ ናይ ስራሕ ኣማኸርቲ ምዝገባ ፍቃድ ፍቃድ ስራሕ ንግዲ፣ መቅረባይነት ምዝገባ ወረቀት ምስክር ፣ተወሳኬ እሴት ታክስ ምዝገባ ምስክር ወረቀት፣ናይ ዝሓለፈ ወርሒ 2011ዓ/ም ናይ ቫት ድክለሬሽን ዝገበርሉ መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእሉ፣ናይ መለለይ ቁፅሪ ምዝገባ መረዳእታ፣ ውሕስና ጨረታ (ቢድ ቦንድ) ኣብ ዝተፈላለዩ ፖስታታት ብምዕሻግ መሊሶም ኣብ ካሊእ ዓብይ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብቲ ልዕሊ ፖስታ ሸም ዝጫረትሉ ፕሮጀክትን ኣድራሻን ብዝርኣ ቀለም ብምፅሓፍ ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ ቢሮ ቁፅሪ 191 ናብ ዝተደለወ ሳንዱቅ ጨረታ ክሳብ 10/08/2011ዓ/ም ሰዓት 4:00 ናይ ቅድሚ ቀትሪ ብኣካል ብምምፃእ ከእትው ኣለዎም።

6 ተጫረቲ ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ዝቀርቡ ቅጥዕታት ብትክክል መሊእኹም ንነብሲ ወከፍ ገፅ እቲ ሰነድ ፈሪሞምን ሃቲሞምን ቅደም ሰዓብ እቲ ሰነድ ከየዛብዑ እቲ ሰነድ ከምቲ ክሸየጥ ከሎ ዝነበረ ከየጋደሉ ከቅርቡ ኣለዎም።

7 እቲ ጨረታ ኩሎም ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ 10/08/2011ዓ/ም ሰዓት 3:00 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 3:30 ኣብ ቢሮ ቁፅሪ 191 ይኽፈት።

8 እቲ ቢሮ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ናብ ቢሮ ኮንስትራክሽን ፣መንገድን ትራንስፖርትን ክልል ትግራይ ዝረከብ ዳይሬክቶራት መንገድን ምዕባለን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 191 ብምምፃእ

ብስ.ቁፅሪ 0344-408775 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle